THE EDUCATION STATE

# ናብ ንቡር ቤት ትምህርቲ ኽትሰጋገር ዝሕግዝ ምኽርታት

ውሉድካ ኽለምዶ ዝኽእል እንተ ኾይኑ ንምርግጋጽ ነቲ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ ርኣዮ። ነቲ ኻብ ቤትኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ዝወስድ መገዲ እናተመላለስኩም ልመድዎ።

ድሕሪ ምዝዛም ትምህርቲ ንውሉድካ ናብ ቤቱ ንምውሳድ ኣበይን ሰዓት ክንደይን ከም እትመጽእ ተሰማማዕ። እንተ ኣድልዩካ፡ ገሊኦን ኣብያተ ትምህርቲ ንውሉድካ ድሕሪ ምዝዛም ትምህርቲ እውን ይሕዛልካ እየን።

ሓበሬታ ኣብ ዝውሃበሉ ኣኼባታት ተኻፈል፣ ውሉድካ እውን ሓበሬታ ኣብ ዝውሃበሉ ንጥፈታት ክሳተፍ ኣተባብዓዮ።

እቲ ቤት ትምህርቲ ንቛንቋ ሕብረተሰብካ እውን ዘጠቓልል ንእተፈላለየ ባህልታት ዝውክል ትምህርታዊ ሓገዝ ዝህብ እንተ ኾይኑ ሕተት።

ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ናጻ ኣገልግሎት ትርጉም ምእንቲ ኽትረክብ ምስታ ቤት ትምህርቲ ተዘራረብ። እዚ ኣገልግሎት እዚ ንእተወሰነ ንጥፈታት ይሸፍን እዩ።

ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ሰራሕተኛታት እቲ ቤት ትምህርቲ ምእንቲ ኽረኽቡኻ፡ ኣድራሻኻ ሃቦም። ንስኻ እውን ቍጽሪ ተሌፎን እታ ቤት ትምህርቲ ሓዝ።

ውሉድካ እንታይ ክፍሊ ከም ዘለዎ ንምፍላጥ ቅዳሕ ሰደቓ-ግዜ ሓዝ። ከብኮር ወይ ደንጕዩ ኽመጽእ እንተ ኾይኑ፡ ነታ ቤት ትምህርቲ ሓብር።

ውሉድካ ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎ ወይ ድማ ፍሉይ ኣቓልቦ ኽግበረሉ ዘድልዮ እንተ ኾይኑ ነታ ቤት ትምህርቲ ኣፍልጣ። ዝኾነ ዘሻቕለካ ነገር እንተ ኣልዩ ምስታ ቤት ትምህርቲ ተዘራረብ።

ትምህርቲ ቕድሚ ምጅማሩ፡ ንውሉድካ ድቪዛ ግዝኣሉ። ገሊኦን ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ካልኦት ተምሃሮ ዝነበረ ድቪዛ እውን ይሸጣ እየን።

ዘድሊ መጻሕፍትን ናውቲ ትምህርትን ዓድግ። ዝርዝር እቲ ዘድሊ ነገራትን ብኸመይ ከም እትረኽቦን ነታ ቤት ትምህርቲ ሕተት።

ኣብ ኵሉ ንብረትን ክዳውንትን መሳርሒታትን ውሉድካ ስሙ ጽሓፈሉ።

እታ ቤት ትምህርቲ፡ ውሉድካ ላፕቶፕ ወይ ኣይፓድ ክህልዎ ክትጠልብ ትኽእል እያ። ንውሉድካ እንታይ ዓይነት ከም ዘድልዮ ነታ ቤት ትምህርቲ ሕተት።

ንውሉድካ ጥዕና ዝህብ ምግቢ ኣዳልወሉ። እታ ቤት ትምህርቲ ምግቢ ዝብልዓሉ ካፈተርያ ኣለዋ እንተ ኾይኑ ሕተት።

ውሉድካ ኣብ ክለባት ዕዮ ግዛ ወይ ኣብ ካልእ ድሕሪ ትምህርቲ ዝህሉ ንጥፈታት ክሳተፍ ኣተባብዓዮ።

ናይ ገንዘብ ሓገዝ እንተ ኣድልዩካ፡ ንወጻኢታት ትምህርቲ ዚሸፍን ገንዘባዊ ሓገዝ ክግበረልካ ነታ ቤት ትምህርቲ ሕተት።

ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ፡ ኣብ **www.education.vic.gov.au/parents/going-to-school** እቶ

VICTORIA State Government | Education and Training

19-0008